**<u>ህይወት ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ሆናት ሕድሕድ ኢትዮጵያውያን</u>**

**<u>ክጠፍእ ናይ ግድን ድዩ ...?</u>**

እምባአር'ከስ ቅድሚ ነዛ ኣብ ላዕሊ ሰፊራ ዘላ ሕቶ መልሲ ምሃበይ፡ መጀመርያ፡ ቐምነገር ሓደ ሰራዊት ናይ ሓደ ሃገር እንታይ እዩ፣ እቲ ቀዳማይን ወሳንን ስርሑ ይኹን ኣገልግለቱ፣ ከመይ ይመስሉ፡ ዝብሉ ሕቶታት ምሳኹም ኮይነ ብሓባር ክንፍትሾ ይዕድም። እምባአር ኩላትና ከም እንፈልጦ፡ ሓንቲ ሃገር፡ ብድልየት ሓደ ውልቀ-መላኺ ዘይኮነ'ስ፡ ኣብ ትሕቲ ግዝኣተ ሕጊ እትማሓደር እንተኾይና፡ ቐምነገር ሰራዊት ናይዛ ሃገር፡ ንካብ ደገ ይኹን ካብ ውሽጢ ዝቓላቀሉ ሓደጋታት ኣንጻር ህዝቢ ይኹኑ ኣንጻር ሃገር፡ ነዞም ሓደጋታት እዚኣቶም ምክልኻል፣ በዚ መንገዲ'ዚ ኻአ ጸጥታ ናይታ ንሱ ዝውንና ሃገር ምውሓስን እዩ። ነዚ ጸጥታ'ዚ ከውሕስ እንተኾይኑ፡ ቀዳማይ ስርሑ፤ ውሕስነት ህይወት ደቂ ሃገር ምርጋግጽ፣ ካላኣይ፤ ቅዋም ሃገሩ ክዕቐብ ከምዘለዎ፡ ክድፈር ከምዘይብሉ ኻአ ምግባር፣ ሳልሳይ፤ ልኡላውነት ሃገር ከይድፈር ዋሕስ ምዃን፣ እዩ። ሕጂ ኣብዚ ገለ ደቂ ሃገር፡ ኣብ ኤርትራ ዝሰርሕ ቅዋም ዘይብልና ክነሱ፡ ብዛዕባ ኣየናይ ቅዋም እዩ ዝዛረብ ዘሎ፡ ዝብል ሕቶ ክቀርብ ባህርያዊ ኣዩ።

እወ ሓቂ፡ ኣብ ሃገርና፡ ኣይኮነን ዶ ዝሰርሕ ቅዋም፡ ድምጺ ዘለዎ ባይቶ እውን የብልናን። ኣብ ሃገርና ዘሎ ህዝብና፡ ብሕጊ ዘይኮነ'ስ፡ እንታይ ዳአ ብ-እዝ ናይ ሓደ ውልቀ መላኺ እዩ ዝማሓደር ዘሎ። ገለ ደቂ ሃገር፡ *„ኤርትራ ብ-ሕጊ እያ ትማሓደር ዘላ'*፡ ኢሎም ዝዛረቡን፡ በዚ ዝዓግቡን ኣለዉ። እዚኣቶም ግን፡ ትርጉምን መበገስን ናይ ሕጊ ካበይ እዩ፡ ኣፍልጦ ዘይብሎም ሰባት ጥራይ እዮም። ኣብ ስነ-ፍልጠት እንተፈትሽና፡ መበቖል ሕጊ ድልየት ህዝቢ ምዃኑ እዩ ዝሕብረና። ሓደ ህዝቢ ን-ሓደ ሕጊ ናተይ እዩ ዝብሎ፡ ንሱ (ባዕሉ እቲ ህዝቢ) ድምጹ ዝሃበሉ እንተኾይኑ ጥራይ ኣዩ። ንሱ ድምጹ ዘይሃበሉን ዘይፈልጦን ሕጊ እንተኾይኑ ግን፡ እዚ ሕጊ'ዚ፡ እዝ (ናይ ሓደ ውልቀ-መላኺ) ጥራይ እዩ ተብሂሉ ክጽዋዕ ዝኽእል እምበር፡ ካሊእ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። እምባአር እዚ ካብ ኮነ ዕግበተይ ይኹን ዕግበትኩም፡ ንሰራዊት ኤርትራ ንዕኡ ኣብዘይምልከቶ ሆናት ሰዲድካ፣ ቀለብ ዓረር ሕድሕድ ሆናት ኢትዮጵያውያን ከምዝኸውን፣ ኣብ ዓዲ ኣምሓራ ከምዝጸንት ዝግበር ዘሎ፣ እዝን ምርጫን ስርዓት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ንምትግባር፣ ሕቡእ ኣጀንዳ ናይዚ ገባቲ ስርዓት'ዚ ንምዕዋት፣ ዳአ እምበር፡ ንምውሓስ ህይወት ደቂ ሃገር፣ ንምዕቓብን ምክልኻልን ቅዋም ኤርትራ፣ ንውሕስነት ልኡላውነትን ሃገር ኤርትራ ከምዘይኮነ፡ ማለት ምስ ረብሓ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዘራኽብ ከምዘይብሉ፣ እዩ ዘረጋግጽ። እኳ ዳአ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚ፡ ካብ ቃል ኢሳያስ ኣፈወርቂ ይኹን፡ ካብ ቃል ናይቶም፡ ንተምሳል ከም ምኒስተራት ዝፈለጡ፣ ግን ካአ መጋበርያ ሕልምታት ውልቀ-መላኺ ኮይኖም ዝተረፉ፡ ኣባላት ፈጻሚት ሽማግለ (Executive Committee)፡ ...„*ናዓና ሓድነት ኢትዮጵያ እዩ ዘገድሰና*”...፡ ኢሎም ክዛረቡ፡ ረብሓ ኢትዮጵያ ቅድሚ ረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ከምዝሰርዑ፣ ካብ ቃሎም ተሰሚዑ።

እቲ ምስጢር፡ እቲ ንኢሳያስ ኣፈወርቂ ይኹን ንዑሱባቱ፡ ረብሓ ኢትዮጵያ ቅድሚ ረብሓ ኤርትራ ክሰርዑ ከምዘለዎም ዘገድዶም ዘሎ፡ እንታይ ኮን ይኸውን፡ ዝብል ሕቶ ክፍተሽ ንቡር እዩ..? እቲ ንኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ረብሓ ኢትዮጵያ ቅድሚ ረብሓ ኤርትራ ክሰርዕ ከምዘለዎ ዝገብሮ ዝነበረን ዘሎን፡ ቐንዲ ምስጢር፡ እቲ ካብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ጀሚሩ ክሳብ ምስ ጠቅላይ ሚንስተር ናይ ኢትዮጵያ፡ ኣብይ ኣሕመድ ዓሊ፡ ኣብ 2018ዓ.ም.ፈ. ዝራኸብ፡ ዘንባህቖ ዝነበረን ዘሎን ሕልሚ እዩ። እዚ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ካብቲ እዋን እቲ ጀሚሩ፡ ክሳብ ርክብ ምስ ኣብይ ኣሕመድ ዘንባህቖ ዝነበረን ዘለን ሕልሚ ካአ፡ „*ሓድነት ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ*” ከምዝነበረን ዘሎን ሓቅነቱ ንምርግጋጽ ታሪኽ ክንድህሰስ ንግደድ። ቀዳማይ፤ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ፡ 1978ዓ.ም.ፈ.፡ መሪሕነት ህ.ግ.፡ ረብሓ ህዝብን ሰውራን ከምኡ'ውን ሃገር ኤርትራን ንድሕሪት ገዲፉ፡ ብዘይ ቅድሚ ኩነት፡ ሓድሽ ናይ ሰላም ተበግሶ ንምዕዋት፡ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኪዛራረብ ድልዊ ምዃኑ፡ ኣብ-Vanguard ዝባሃል መጺሔቱ ናይ 3. ሓምለ 1978ዓ.ም.ፈ. ምስሓበረ፡ ብፍላይ ኣብ ሰሜን ኣመርካ ዝመደበሩ፡ ብ-„ኤርትራውያ ንናጽነት ኣብ ሰሜን ኣመሪካ” ዝፍለጥ ማሕበር ደቂ ተባዕቲዮ ይኹን ደቂ ኣንስትዮ፡ „*ስዓዕ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር*”፡ ብዝብል ሽም፡ ተሪር ተቓውሞ ከምዘስምዑ ታሪኽ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ። ኣብዚ እዋን እዚ፡ መሪሕነት ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ን-ደርጊ ከም ገስጋሲ ገይሩ ክወስዶ ዝጀመረሉ፡ „*ሓድነት ኤርትራ ምስ*

*ኢትዮጵያ’* ከዔውት፡ ፈተና ዘ'ኻየደሉ እዋና እዩ ነይሩ። ኮይኑ ግን ፖለቲካዊ ጠለብ ህዝቢ ኤርትራ ሓያል ስለዝነበረ፡ ሕልሚ ኢሳያስ አፈወርቂ ተበርዒኑ፡ ባህጊ ህዝቢ ኤርትራ ካአ አብ 1991ዓ.ም.ፈ. ብምርግጋጽ ልኡላውነት ሃገሩ ተበሲሩ።

ካላአይ፤ ኢሳያስ አፈወርቂ ምስቲ አብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ዝነበሮ (ሕብረት ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ) ሕልሚ ስለዘይተባተ'ኸ፡ ደጊሙ ኣብ 1991ዓ.ም.ፈ.፡ ድሕሪ ምርግጋጽ ልኡላውነት ሃገርና እውን እንተ'ኾነ፡ „*አብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ናይ ሓባር መንግስቲ ክህሉ አለዎ*’፡ ዝብል ርእይቶ ይውንን ከምዝነበረ ብዙሓት መቓልስቱ፡ ከም ባዓል መስፍን ሓጎስ፡ ዝገልጽዎ ሓቂ አዩ። አብ 1993ዓ.ም.ፈ. እውን፡ አብ መዛገ'ጃ-ቤት አስመራ ዝተ'ኻየደ ናይ ህዝቢ አ'ኼባ፡ ገለ ካብቶም አ'ኼበኛታት ንኢሳያስ አፈወርቂ አብ ዶባት ናይ ኤርትራ ብወገን ኢትዮጵያ ጸገማት የገጥም ከምዘሎ፣ ንምፍታሕ እዚ 'ሽግር'ዚ ትጽቢት ከምዘለዎም፣ ምስ ገለጹ፡ ኢሳያስ ካአ፡ „*ንሕና ክንየው ዶብ ኢና ንሓስብ*’፡ ዝብል መልሲ ብምሃብ፡ ሕልሙ ብዛዕባ ዕብየት ኢትዮጵያ ቅድሚ ረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ከምዝሰርዖ ሓቢሩ። አብ ከባቢ 10. ግንበት 2001ዓ.ም.ፈ. እውን እንተ'ኾነ፡ ጋዜጠኛታት አብ ኤርትራ ምስ ኢሳያስ አብ ዘካየድዎ ቃል-መጠይ'ቕ፡ „*እዚ ብምኽንያት ዶብ ዝተወለዔ ኵናት፡ ምናልባት ምስ ምርግጋጽ ልኡላውነት ሃገር ኤርትራ (1993ዓ.ም.ፈ.)፡ ጉዳይ ዶብ ምስ ኢትዮጵያ ብንጹር ስለዘይተቐመጠ ዶ'ኾን ይ'ኸውን...?*’፡ ዝብል ሕቶ ምስ አቕረቡ፡ ኢሳያስ ካአ፡ „*ንሕና ክንየው ዶብ ኢና ንሓስብ ነርና፡ ወያነ ግን ተንኮል ይፍሕሱ ነይሮም*’፡ ዝብል መልሲ ሂቡ። እዛ ነጥቢ ኢዚአ ካአ፡ ባህግታት ኢሳያስ አፈወርቂ ኢትዮጵያ ዳአ አምበር ኤርትራ ከምዘይኮነት፣ አብ ሕልሙ፡ ንዕብየት ኢትዮጵያ፡ ልዕሊ ረብሓ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ፡ ይሰርዖ ከምዝነበረ እያ ትምስክር።

ሳልሳይ፤ ነዘን አብ ላዕሊ ዘቐመጥክወን ነጥብታት እተራጉድ፣ ኢሳያስ አፈወርቂ፡ ምእንቲ ዕብየት ኢትዮጵያ ብረብሓ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ከምዝጣላዕ እትምስክር፣ ተንኮልን 'ሽርሕን ኢሳያስ አንጻር ህዝብን ሃገርን ኤርትራ እተጋልጽ፣ ንዝበዝሐ ኤርትራዊ፣ ነቲ ቐጻልነት ሃገሩ ጨሪሹ አብ ምልክት ሕቶ ዘየእቱ፡ ከምዝበራብር፣ ብሓያል ድምጺ „ይአክል” ከምዝብል፣ ዝገበረት ሓቂ፡ እቲ ኢሳያስ አፈወርቂ አብ ዕለት 15. 07. 2018ዓ.ም.ፈ. ናብ አዲስ አበባ ከይዱ፡ አብ ክንዲ እታ መዋእሉ ኩሉ ንህዝቢ ኤርትራ ዘርእዮ ዝነበረ ጸዋግ ገጽ ሓቢኡ፣ ንህዝቢ ኢትዮጵያ አፍ-ልቡ እንዳሃረመ ናይ ሓጎስ ስሚዕታት ምስ ገለጸ፣ ከምኡ'ውን ንአብይ አሕመድ፡ „*ካብ ሕጂ ንንየው ንስ'ኻ ክተመርሓና ክንገድፈካ ኢና። ህዝቢ ኢትዮጵያን ህዝቢ ኤርትራ ክልተ ህዝቢ እዩ፡ ኢሉ ዝዛረብ፡ እቲ ሓቂ ዘይፈልጥ እዩ።*”፡ ዝብሉ መደረ ምስ ሃበ እዩ። አብ ዕለት 08. ወርሒ 02. 2020ዓ.ም.ፈ.፡ ኢሳያስ አፈወርቂ፡ አብ ዝገበሮ ቃል-መጠየ'ቕ እውን እንተ'ኾነ፡ መንእሰይ ኤርትራ ብሰንኪ ሕሱም ናብራ ሃገሩ ራሕሪሑ ናብ ስደት እንዳዋሓዘ፣ አብ ሳህራታት ሉብያ ቐለብ አሞራ፣ አብ ማእከላይ ባሕርን ቐለብ ዓሳ፣ እንዳ'ኾነ እንከሎ፡ ውሽጣዊ ኩነታት ኢትዮጵያ ልዕሊ ክውንነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ፡ ከምዘሻ'ቕሎ እዩ ሓቢሩ። እምባአር እዘን ኩለን ነጥብታት አብ ግምት ብምእታው መደምደምታ ክንህብ እንተ'ኾይኑ፡ ሕልምን ባህግታትን ኢሳያስ አፈወርቂ፡ ሓድነት ኢትዮጵያ ዳአ እምበር፡ ቀጻልነት ኤርትራን ህዝባን ከምዘይኮነ ኢና ክንግንዘብ እን'ኽእል።

ኢሳያስ አፈወርቂ ነዘን ባህግታትን ሕልምን („*ሓድነት ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ*’) ከትግብር፡ ሰለስተ ስትራተጂ እዩ ክጥቐም ጸኒሑ። እቲ ቀዳማይ ነቶም ኤርትራ ንኤርትራውያን፡ ዝብሉ፣ ቀጻልነት ሃገሮም አብ ምልክት ሕቶ ዘየእትዉ፣ ደቂ ሃገር፡ ንገለ ብማእሰርቲ ንገለ ካአ ከምዝቕንጸሉ፣ ንዝተረፉ እውን ሃገሮም ራህሪሖም ናብ ስደት ከምዘምርሑ፣ ክገብር እንከሎ፡ አብ መሪሕነት ምስኡ ዝተረፉ፡ ብንብረት ህዝቢ ኤርትራ ናብርኦም ዘህጥሩ፣ ሞራልን ሕልናን ዘይውንኑ፣ ዘዝበሎ ቃላት ዝደግሙ፡ እንዳሰርዔ እዩ ክመጽእ ጸኒሑ። እታ ካላአይ ስትራተጂ ካአ፡ ኤርትራ አብ ቑጠባ ንቅድሚት ፍሕት ከምዘይትብል ምግባር እዩ። እዛ ስትራተጂ እዚአ ብመሰረቱ፡ ካብቶም አብ 1952ዓ.ም.ፈ.፡ አብ UN፡ ኤርትራ አካል ኢትዮጵያ ኮይና ክትነብር ዝቐርቡ ዝነበሩ፡ („*ኤርትራ አብ ቑጠባ ነብሲ ክኢላ ክትነብር ኣይትኽእልን እያ*’) ዝብሉ ሓሳባት፡ እዩ ቀዲሕዋ። እዛ ስትራተጂ እዚአ 'ኻኣ ኢሳያስ አፈወርቂ ሕጂ ዳርጋ 100/100 ታዓዊቱላ እዩ። ንህዝብና አብ ክንዲ ካብ ጉልበቱ፡ ማለት ሰራሕተኛ ካብ ራሃጹ፣ ነጋዳይ ካብ ንግዱ፡ ሓረስታይ ካብ ማሕረሱ፣ ዝነብር፡ ተጸባይ ዙቦን ኮይኑ ከምዝተርፍ እዩ ገርዎ። አብ ዕለት

17. ወርሒ 02. 2021ዓ.ም.ፈ. ኣብ ዝገበሮ ቃል-መጠየቕ፡ *„ቑጠባዊ ዓቕምና ዘሮ እዩ ዘሎ”*፡ ኢሉ ክዛረብ ሰሚዕና። ካብዚ ቀጺሉ እውን፡ *„ጉዳይ ሓይሊ ኤለትሪክ፡ ድሕሪ 1991ዓ.ም.ፈ.፥ ክሳብ ሕጂ፡ ካብቲ ዝሓመቐ ናብቲ ዝኸፍኤ እምበር፡ እንዳዓበየ እንዳተማሓየሸን ኣይኮነን ክኸይድ ጸኒሑን ዘሎ”*፡ ዝብሉ ምስክርነት ክህብ ተሰሚዑ። እምባኣር ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብዚ ናይ 30 ዓመት ኣመራርሓ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ፡ ንውድቀትን ዕንወትን ዳኣ እምበር፡ ንዕበይት ኤርትራ ኣይኮነን ክሰርሕ ጸኒሑ፡ እንተተባሃል ካብ ሓቂ ርሒቕካ ዝዝረብ ዘሎ ኮይኑ ኣይስማዓንን። ሕጂ ኣብዚ እዋናት እዚ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ወዲ 75 ዓመት እዩ። 30 ዓመት ምሉእ ነዛ ሃገር እዚኣ መሪሑ፡ ኣብ ምብልሻው ታሪኹን ታሪኽ ሃገርናን ዝነበረ፣ በጃካ ዕንወት እምበር ዕብየትን ብልጽግና ከበስራ ዘይካኣለ፣ ኣብዘን ተሪፈንኦ ዘለዋ ውሑዳት ግዜ እንታይ ታኣምር ክሰርሕ ይኽእል፡ በጃካ ምፍራስ ሃገር ኤርትራ እንተዘይኮይኑ።

ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጥቐሱ ነጥብታት እምባኣር፡ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብዚ ውሽጢ 30 ዓመት ኣብ ስልጣን፡ ንኤርትራ ከም ሃገር ጠጠው ከብልዋ ዝኽእሉ ኣዕኑድ ኣብምፍርስ፣ ባህግታቱ ትምኒታቱን (ሓድነት ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ) ክውንነት ንምግባር፡ እታ ቀዳመይትን ካለኤይትን ስትራተጂ ከዔውት ኣብ ምቕላስ ከምዝጸንሐ፣ ኢና ክነረጋግጽ እንኽእል። ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ንምርካብ እታ ሕጂ ተሪፋቶ ዘላ፡ እታ ሳልሰይቲ ስትራተጂ (ሜላ)፡ ንሳ ኻኣ ሰብኣዊ ዓቕምታት ህዝቢ ኤርትራ ምድኻም፡ እያ። ነዛ ተንኮል እዝኣ ንምዕዋት ኢሳያስ ካብ ነዊሕ ግዜ እዩ ክሰርሓላ ጸኒሑ። ንኣብነት ኣብ 1998ዓ.ም.ፈ.፥ ህዝቢ ኤርትራ ብገርሁ እንከሎ፡ ብናይ ዶብ ምኽንያት ኣሳቢቡ፡ ሰለስተ ውዲታቱ ንምዕዋት፡ ዅናት ኣንጻር ኢትዮጵያ ከምዝውላዕ ገይሩ። እታ ቀዳመይቲ ውዲት ኢሳያስ፡ ነታ ኣብ 23. ግንበት 1997ዓ.ም.ፈ. ዝጸደቐት ቅዋም ኣብ ኣገልግሎ ህዝቢ ከምዘይትውዕል ንምግባር፣ እታ ካለኤይቲ ካኣ፡ ነቲ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቓልሲ ዝጠፍኤ ህይወት ክትክእ ዝመጽእ ዝነበረ፡ ዓቕሚ ኣዳም ዝበጽሖ ሓድሽ ወለዶ፡ ኢሳያስ ባዕሉ *„ዎርሳይ”* ኢሉ ዝጽውዖ ዝነበረ ሓይሊ፡ ዓንዲ ሕቕኡ ንምስባር፣ ክኸውን እንከሎ፡ እታ ሳልሰይቲ ውዲት ካኣ፡ ነቲ ካብ 1991 — 1997ዓ.ም.ፈ. ዝተራኣየ፣ ኤርትራ ብዓይኒ ዓለም *„ተስፋ ቀርኒ ኣፍሪቃ”* ተብሂላ ከም እትጽዋዕ ዝገበረ፣ ብራሃጽ ደቂ ሃገር ዝተረጋገጸ ዕብየት ናይ ቑጠባ፡ ከምዝፈርስ ንምግባር ክኸውን እንከሎ፡ ንህዝብና ካኣ ኣብ ትሕቲ ጽላል ናይ ዅናት ከምዝሳቐ ንምግባር እዩ ነይሩ። ብሰንኪ እዚ ሕሱም ናብራ ኣብ ትሕቲ ጨካን ምሕደራ ስርዓት ኢሳያስ ካኣ፡ ማእለያ ዘይብሉ ቑጽሪ መንእሰይ ኤርትራ ናብ ስደት ከምዝውሕዝ ተገይሩ።

እንሆ ኻኣ ሕጂ፡ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ሕልሙ ንምትግባር፡ ማለት ንኤርትራ ብዘይ ገለ ተቓውሞ ናብ ኢትዮጵያ ንምርካብ፡ ነቲ ተሪፉ ዘሎ ህይወት ኤርትራዊ ንምቕባጽ፡ ንሰራዊት ኤርትራ ኣብዘይምልከቶ ዅናት ከምዝሳተፍ፣ ህይወት ኤርትራዊ ኣብ ዓዲ ኣምሓራ፡ ብዓረር ሕድሕድ ዅናት ኢትዮጵያውያን ከምዝሓልቕ ይገብር ኣሎ። ኣብ ላዕሊ ከምዝሓበርክዎ፡ ሰራዊት ሓደ ሃገር ብቐዳምነት ዋሕስ ልኡላውነት ናይታ ንሱ ዝውንና ሃገር እዩ። ሰራዊት ኤርትራ ካኣ፡ ከምቲ ንቡር፡ ዋሕስ ልኡላውነት ሃገሩ ክኸውን ዳኣ እዩ ዝግባእ ነይሩ እምበር፡ ኣብ ዘይምልከቶ ሕድሕድ ዅናት ኢትዮጵያውያን፡ ብፍላይ ካኣ ኣብ ጎድኒ እቶም፡ ኣብ 60ታት ንህዝቢ ኤርትራ መሰል ርእሰ-ውሳኔ መንዚዖም፡ ን-30 ዓመት ኣብዘይመረጸ ዅናት ከምዝኣቱ፣ ልዕሊ 60 ሽሕ ህይወት ደቁ ከምዝኸፈል፣ ንህዝቢ ኤርትራ ንምጽናት፡ ብዓለም ዝተወገዘ መሳርያታት ዝተጠቐሙ፣ ብደብዳብ ነፈርቲ ዓድታታት ኤርትራ ከምዝዓንዋ፣ ብግምት ልዕሊ ፍርቂ ምልዮን ዝኸውን ህዝቢ ኤርትራ ካብ ናብርኡ ተዛናቢሉ፡ ናብ ኣፍሪቃ ኣሜርካ ኣውሮፓ ከምዝውሕዝ ዝገበሩ፣ ድሕሪ ምርግጋጽ ልኡላውነት ሃገር ኤርትራ፡ ብኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈጸምዎ ገበን፡ ክሳብ ሕጂ ኣይኮነን ዶ ካሕሳ ክኸፍሉ፡ እታ ዝናኣሰት ቃላ „ይቕረ” ክንብለሎም እውን ዘይሓተቱ፣ ናጽነት ኤርትራ ክሳብ እዛ እዋናት እዚኣ ብወግዒ ዘይተቐበሉ፣ ኢትዮዕያውያን ኮይኑ፡ እታ መተካእታ ዘይብላ ህይወቱ ክኸፍል ከምዘለዎ ዝግበር ዘሎ፡ ሽርሕን ትንኩልናን ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ንምዕዋት ዳኣ እምበር፡ ምርጫ ድልየትን ህዝቢ ኤርትራ ስለዝኾነ ኣይኮነን። እምባኣር እዚ ኣብ ኢትዮጵያ ዝኸፈል ዘሎ ህይወት ሰራዊት ኤርትራ ምእንቲ ኢትዮጵያውያን ዳኣ እምበር፡ ምስ ረብሓ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዘራኽብ የብሉን።

ኣብዚ እምባኣር ንጹር ክኸውን ዘለዎ፡ እዚ ኣብዛ ጽሕፍቲ እዚኣ ከም መካትዔ ቀሪቡ ዘሎ ነጥቢ፡ ነቶም ንኢሳያስ ኣፈወርቂ ከም ኤርትራ፣ ንኢሳያስ ከም ህዝቢ፣ ገይሮም ዝርእይዎ፣ ንኤርትራውነቶም

ብመገዲ እዚ ውልቀ-መላኺ'ዚ ዘለልይዋ፣ ንሱ ኣብዝመረጸሎም መንገዲ ክኸዱ ተዳሊዮም ዘለዉ፣ ኣብ ክንዲ ብኣእምሮኦም፡ ብኣእምሮ እዚ ውልቀ-መላኺ ዝዝወሩ፣ ኤርትራውያን ዝምልከት ኣይኮነን። እንታይ ዳኣ፡ እዚ ኣብዛ ጽሕፍቲ ሰፊሩ ዘሎ መካትዒ ነጥቢ፡ ነቶም ኤርትራውነቶም ብቓልሶም ኣብ 1991ዓ.ም.ፈ. ዘረጋገጽዎ ዜግነቶም ምኽኣኑ ዝርድኦም፣ ንፍትሕን ደሞክራሲያዊ ምሕደራን ኣብ ኤርትራ ዝቓለሱ ዘለዉ፡ ኮይኑ ግን ኣብዚ እዋናት'ዚ፡ „*ንሕና ሃገራውያን ኢና*"፣ ዝብል ምኽንያት ብምቅራብ፡ „*ኣብ ጎድኒ ሰራዊትና ኢና ዘለና*"፣ ዝብል ቛንቛ ዝጥቀሙ ዘለዉ፡ ደቂ ሃገር እያ። እወ ሓቂ እዩ፡ ዝኾነ ሕብረተ-ሰብ፡ ቐጻልነቱን ውሕስነት ልኡላውነት ሃገሩን ክረጋገጽ፣ ንሕጉን ቅዋሙን ዘገልግል፣ ካብ ነጻ ድልየቱ ተበጊሱ ዝተዓስከረ፣ ሰራዊት ክህልዎ ባህርያዊ እዩ። ንሕና ኤርትራውያን እውን ከም ሕብረተ-ሰብ መጠን፡ ሰራዊት ክህልወና ንቡር እዩ። ይኹን ዳኣ እምበር፡ እዚ ኣብ ሃገርና ዘሎ ሰራዊት፡ ካብ ነጻ ድልየቱ ተበጊሱ ዝተዓስከረ፣ ከም ዋሕስ ህይወት ደቂ ሃገር ኮይኑ፣ ንሕግን ቅዋምን ናይዛ ሃገር ንኸገልግል፣ ዝቖመ ሰራዊት ድዩ ...? ዝብል ሕቶ ምስዝቐርብ ግን፡ ዳርጋ ኹሉ፡ እቲ ብጥዕና ዘለዎ ኣእምሮ ዝሓስብ ኤርትራዊ፡ ዝሳማማዓሉ ሓቂ፡ ኣይፋሉን ..! እዚ ሰራዊት እዚ ብዕግበት ካብ ነጻ ድልየቱ ተበግሲ ንሃገርን ህዝብን ከገልግል ዝቖመ ትካል ዘይኮነ'ስ፡ እንታይ ዳኣ፡ ንሸይጣናዊ ዝኾነ ሕልምን ባህግታትን ገበነኛ ውልቀ-መላኺ ከተግብር፣ ተገዲዱ ዝተዓስከረ ሰራዊት፣ እዩ፡ ዝብል መልሲ እዩ ክህልዎ ዝኽእል።

ኣብዚ እምባኣር ብንጹር ክቕመጥ ዘለዎ፡ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ነዚ ሰራዊት እዚ ብግዲ ኣብዚ ንህዝቢ ኤርትራ ዘይምልከቶ፣ ንረብሓ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዘየገልግል፣ ሕድሕድ ቱናት ኢትዮጵያውያን የእትዩ ከምዝሓልቅ ዝገብሮ ዘሎ፡ ስርሑ እዩ ዘሳልጥ ዘሎ። ንሱ ኻኣ፡ እቲ እኩይን ተንኮለኛን ሕልምታቱ ንምዕዋት እዩ። እቲ ከተግብሮ ዝደሊ ዘሎ ሕልሚ ኻኣ፡ ሰብኣዊ ዓቅምታት ህዝቢ ኤርትራ ኣዳኺምካ፡ ድሕሪ'ዚ ሃገርና ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ምርካብ እዩ። እቲ ደለይ ፍትሒ፣ እቲ „*ኣብ ኤርትራ ውልቀ-መላኺ ታኣሊዩ፡ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ክትከል ይቃለስ ኣለኹ*"፡ ባሃላይ ካኣ፡ እነሆ ንኸምዚ ዝኣመሰለ፣ ኣብ ሕድሕድ ቱናት ኢትዮጵያውያን ህይወቱ ክኸፍል፡ ብሓይሊ ተገዲዱ ዝተዓስከረን ዝዕስከር ዘሎን ሰራዊት፡ „*ኣነ ኣብ ጎድኒ ሰራዊት ኤርትራ እየ ዘለኹ*"፡ ዝብል ምኽንያት እንዳኣቕረበ፡ ኣብዘይምልከቶ ሓዊ ክጥበስ የተባብዕ ኣሎ። ከምቲ ሽሙ፡ ሓደ „***ደለይቲ ፍትሒ***"፡ ንሓደ ብጀካ ግብኡ ዝገብር እምበር መሰሉ ዘይሕለወሉ፣ በጀካ ብእዝ ዳኣ እምበር፡ ብሕጊ ዘይማሓደር፣ ሰራዊት፡ ድምጺ ክኾኖ፣ ንመሰሉ ክጣበቅ፣ ዳኣ እዩ ዝግባእ ነይሩ ኣምበር፡ „*ኣነ ኣብ ጎድኒ ሰራዊት ኤርትራ እየ ዘለኹ*"፡ ዝብል ምኽንያት ምቅራብ፡ ፈሊጥካ ድዩ ከይፈለጥካ፡ ምስቲ ስርዓት ኢሳያስ ከተግብሮ ዝሰርሓሉ ዘሎ ሕቡእ ኣጀንዳ ትዳናገጽ ከምዘለኻ ዳኣ እምበር፡ ሓልዮት ሰራዊት የዛርበካ ከምዘሎ ኣይኮነን ዝሕብር። እቲ ኣዚዩ ዘታሓሳስብ ካኣ፡ ነብስኻ፡ ወይ እውን ደቅኻ፡ ኣብ መሰረታዊ መሰሎም ዝረጋገጸሉን ዝሕለወሉን፣ ዋሕስነት ህይወቶም ዝዕቐበሉን ሃገራት ኣቐሚጥካ፡ ብህይወት ደቂ እቲ ኣብ ትሕቲ ጨካን ናብራ ስርዓት ኢሳያስ ዝሳቐ፣ ብሓይሊ ደቁ ዝምንዛዕን፣ ዘሎ ህዝብና፡ „*ንሕና ኣብ ጎድኒ ሰራዊትና ኢና ዘሎና*"፡ ዝብል መጎት ምቅራብ፡ ብህይወት ደቂ'ዚ ህዝቢ'ዚ ምጥላዕ ስለዝኾነ፡ ዳርጋ „ዘይስንኻ ጸጸር ቖርጡመሉ" ዝብል ዕላማ (Principle) ከምእትኽተል እዩ ዝሕብር፡ እንተ ተባሂለ፡ ጌጋ ገምጋም እዩ ዘለካ ዶ ምተባህለ ...?

*ውድቐት ንብህይወት ሰራዊት ኤርትራ ዝጣላዕ ዘሎ ዓማጺ ስርዓት ሃገርና*

*ዓወት ነቲ ብሓይሊ ደቁ ዝምንዛዕ ዘሎ ህዝብና*

*ዘላኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና*

*ኣስፋሃ ተስፋንኪኤል*

**08.12.2021ዓ.ም.ፈ. ጀርመን**